ትግርኛ/Tigrigna

# HSK

# ምምሃር መበቆላዊ ቋንቋ

**(Heimatliche Sprache und Kultur HSK)**

## ሓበሬታ ንወለድን ሕጋውያን ሞግዚታትን

ቀዳምነት ቋንቋ ጀርመንን ምዕባለ ክእለት ብዙሓዊ ቋንቋን ባህልን ገለ ካብቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ትምህርታዊ ስርሓት ናይ ህዝባዊ ቤትትምህርታት እዮም። ከምኡ ውን ምዕባል ፍልጠት ብዙሓዊ ቋንቋን ባህልብ ካብቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ዕላማታት ቤትትምህርቲ ቋንቋ ኣደ እዮም። ስለዚ ኣብ ቀጽሪ ህዝባዊ ቤትትምህርቲ ይካየዱ፡ ብኣካየድቲ ትምህርቲ እዚ ካንቶን ድማ ይድገፉ።

## ክእለት ቡዙሓዊ ቋንቋን ባህልን

ጽብቕ ክእለት ቋንቋ ጀርመንን ብቛንቋ ወለዶም ናይ ምርድዳእ ክእለት ዘለዎም መንእሰያትን ምስ ዝነብርሉ ሕብረትሰብ ናይ ምውህሃድ ዓቢ ብቕዓት ኣለዎም።

ምምህርና HSK ኣብ ኩሉ ካንቶናት ኣሎ፡ ገሊኤን ከተማታት ብልዕሊ 25 ቋንቋታት ይምህራ።

## ዕላማ ትምህርቲ HSK

### ህጻናትን ቆልዑን

- ✓ ኣብ ናይ ወለዶም ቋንቋ ከስተብህሉ፡ ናይ ምዝራብ፡ ምርድዳእ፡ ምንባብ፡ ምጽሓፍ ክእለት ውን ከስፍሑ።
- ✓ ክልተ ቋንቋ ምዝራብን ኣብ ክልተ ባህልታት ናይ ምንባርን ክእለቶም ከስፍሑን ካልእ ልምድታት ክርድኡን ከኽብሩን።

## ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብን ስራሕ ዓለምን ዝርከቡ ጥቕምታት

- ✓ ዝተወልዱሉ ቋንቋ ብግቡእ ዝመልኩ ሰባት ካልእ ቋንቋ (ቍንቋ ጀርመንን ካልእ ናይ ወጻኢ ቋንቋን) ናይ ምምሃር ድልዱል መሰርት የንብሩ።
- ✓ ጽቡቕ ምልከት ቋንቋ ትውልዲ ህጻን፡ ምስ ኣባላት ስድርኡ ኮነ ምስ ኣብ ወጻኢን ኣብ መቦቆል ዓዱ ዘለዉን ቤተሰቡ ጽቡቕ ዝምድና ክህልዎ ይሕግዝ።
- ✓ ጽቡቕ ምልከት ቋንቋ ትውልዲ፡ ምስ መበቆል ዓዲ ዘለዎ ዝምድና ንምትካል ኣገዳሲ እዩ (ንመጽናዕቲ፡ ሞያዊ ንጥፈታት፡ ናብ ዕዲ ተመሊሱ ምስ ዝቕመጥ)።

## ሓገዝ ወለዲ ንምምዕባል ቋንቋ ውላዶም

- ✓ በቲ ትሓስበሉ ቋንቋ ምስ ደቅኻ ምዝራብ፡ ድቅኻ ቋንቋ ጀርመን ምስ ዝዛረቡኻ ውን ብእኡ ምዝራብ።
- ✓ ህጻናት ኣብ ብዙሓዊ ቋንቋ ደስታ ንኽስምየም ይሕግዝን የበራብርን፡ ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ዝረኣይዎ ወይ ዝወዓልዎ ነገር ንወለዲ ምስ ዘዘንቱ ብኡኡ ምስ ዝመያየጡ፡ ዝዝምሩ፡ ጽውጽዋይ ዝነጋገሩ፡ ጽሑፋት ውን ዘንብቡ።
- ✓ ኩሎም ኣባላት ስድራቤት ምስ ህጻን ክዛረቡ ከለዉ ብቋንቁኦም ምስ ዝዛረቡ።
- ✓ ህጻን ምስ ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን ኮነ ካልእ ናይ ወጻኢ ቋንቋ ርክብ ንኽፈጥር ምስ ዘተባብዑ።
- ✓ ህጻን ኣብ ስሩዕ ትምህርቱ ጥራሕ ዘይ ኮነ ኣብ ትምህርቲ HSK ውን ውዕለቱ ከዘንቱ ዕድል ምስ ዝኸፍተሉ።
- ✓ ዝምድና ምስ መማህራን ህዝባዊ ቤትትምህርቲ ጥራሕ ዘይ ኮነ ከምኡ ውን ምስ መማህራን HSK ምስ ዝፍጠረሉ።

## ውዳበ

ትምህርቲ HSK ብኤምባሲ ትውልዲ ዓዲ ወይ ብውልቃውያን ማሕበራት ይወሃብ። ትምህርቲ በብደረጃ ብቕዓት ቋንቋ ህጻናት ካብ መውዓሊ ህጻናት ንደሓር፡ 1ይ ክምኡ ውን 2ይ ክፍልታት መባእታዊ ትምህርቲ ይወሃብ። ምዝገባ ብመገዲ ቤት ትምህርታት ይፍጸም (ብዜካ ኣብ በርን)።

ትምህርቲ HSK ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ቤትትምህርታት ይካየድ፡ እንተተኻኢሉ ክኣ ኣብ ከባቢ ህጻናት ዝቕመጥሉ ቦታ ይግበር።

ትምህርቲ HSK ህዝባውያን ቤትትምህርታ ዝህብኦ ናይ ግዜ ቕጥዕታት ይኽተል (ባዓላት፡ ጸብጻብ ትምህርቲ)። መምዘኒ ብቕዓት ተማሃሮ ምስ ጸብጻብ ወግዓዊ ቤትትምህርቲ ይተሓሓዝ።


Contact address of the canton:

Erziehungsdirektion des Kantons Bern

Annette Brunner Bükim
Beauftragte für interkulturelle Bildung
Sulgeneckstrasse 70, 3005 Bern
Tel. 031 633 83 31
E-Mail: annette.brunner@erz.be.ch www.erz.be.ch/hsk



Basel, Oktober 2008

Erarbeitet von den Erziehungsdepartementen und Bildungsdirektionen der Kantone Basel-Stadt, Basel-Landschaft, Aargau, Bern, Solothurn und Fribourg, in Zusammenarbeit mit den Trägerschaften des Unterrichts in heimatlicher Sprache und Kultur.